

# ኖዚበለን እተን ሰለስተ ጸጕርታትን

Tessa Welch
Wiehan de Jager
Daniel Berhane Habte
3
ትግርኛ ti



ቅድሚ ነዊሕ ዘመን፡ ሰለስተ ኣዋልድ ዕንጸይቲ ክኣርያ ንበረኻ ወፈራ።



ሙቐት ዘለዎ መዓልቲ እዩ ኔሩ እሞ ንኽሕምብሳ ናብቲ ውሕጅ ወረዳ። ኣብቲ ማይ ክጻወታ፡ ክጋጫጨባን ክሕምብሳን ወዓላ።



ብሃንደበት፡ ከምዝመሰየ ተገንዘባ። እናቐልጠፋ ናብ ዓደን ተመልሳ።



ጥቓ ቤተን ምስበጽሓ፡ ኖዚበለ ኢዳ ናብ ክሳዳ ሰደደት። ስልማት ክሳዳ ረሲዓታ! “በጃኺን ንዓናይ ምሳይ ተመለሳ” ክትብል ንመሓዙታ ለመነተን። መሓዙታ ግን ኣዝዩ መስዩ እዩ በላኣ።



ስለዚ ኖዚበለ ናብቲ ውሕጅ ንበይና ተመልሰት። ስልማት ክሳዳ ረኺባታ ናብ ቤታ ክትከይድ ተጻደፈት። ግና ኣብቲ ጸልማት መንገዲ ጠፊኣዋ።



ኣብ ርሑቕ ካብ ሓንቲ ኣጕዶ ዝወጽእ ብርሃን ርኣየት። ብተብተብ ናቡኡ ገጻ ብምቕራብ ኣብቲ ማዕጾ ኳሕኲሐት።



ዘይተጸበየቶ፡ ሓደ ከልቢ ከፊትዋ “እንታይ ደሊኺ?” ክብል ድማ ሓቲትዋ። “ጠፊአ'የ መሕደሪ ቦታ ድማ እደልይ ኣለኹ፡” በለት ኖዚበለ። “ንዒ እተዊ፡ እንተ ዘየሎ ክነኽሰኪ እየ!” በላ እቲ ከልቢ። ኖዚበለ ድማ ንውሽጢ ኣተወት።



ሽዑ እቲ ከልቢ “መግቢ ከሽንለይ” ይብላ። “ኣነ ግና ቅድሚ ሕጂ ንኸልቢ ከሺነ ኣይፈልጥን እየ፡” ኢላ መለሰትሉ። “ከሽኒ ሓደው ክነኽሰኪ እየ!” ይብላ እቲ ከልቢ። ስለዚ ኖዚበለ ነቲ ከልቢ መግቢ ከሽነትሉ።



ሽዑ እቲ ከልቢ፡ “ዓራተይ ኣንጽፍለይ!” በላ። ኖዚበለ ድማ “ኣነ ግና ቅድሚ ሕጂ ዓራት ናይ ከልቢ ኣንጺፈ ኣይፈልጥን እየ።” ኢላ መለሰትሉ። “ኣንጽፍለይ እንተዘይኮይኑ ክበጅለኪ’የ!” ይብላ። ስለዚ ኖዚበለ ዓራቱ ኣንጸፈትሉ።



ኵሉ መዓልቲ ነቲ ከልቢ ክትክሽነሉ፡ ክትኲስትረሉን ክትሓጽበሉን ኔርዋ። ሽዑ ሓደ መዓልቲ እቲ ከልቢ፡ “ኖዚበለ ሎሚ ናብ ኣዕሩኽተይ ክበጽሖ ክኸይድ እየ። ቅድሚ ምምላሰይ ምድርቤት ኰስትርዮ፡ መግበይ ከሸንለይ ኣቑሑተይ ድማ ሓጻጽብለይ።” በላ።



እቲ ከልቢ ምስከደ፡ ኖዚበለ ብቕጽበት ሰለስተ ጸጉርታት ካብ ርእሳ በንቑሰት። ሓንቲ ጸጕሪ ኣብ ትሕቲ ዓራት ኣቐመጠት፡ ሓንቲ ብድሕሪ ማዕጾ፡ ሓንቲ ድማ ኣብቲ ዛሬባ። ብድሕሪኡ ብምሉእ ዓቕማ ናብ ቤታ ገጻ ሃደመት።



እቲ ከልቢ ምስተመልሰ ንኖዚበለ ከናድያ ጀመረ። “ኖዚበለ፡ ኣበይ ኣለኺ?” እናበለ ጨደረ። “ኣብዚ እኔኹ፡ ኣብ ትሕቲ ዓራት፡” በለት እታ ቀዳመይቲ ጸጉሪ። “ኣብዚ ኣለኹ ድሕሪ እዚ ማዕጾ፡” በለት እታ ካልኣይቲ ጸጉሪ። “ኣብዚ እነሃልኹ፡ ኣብ ዛሬባ፡” በለት እታ ሳልሰይቲ ጸጉሪ።



ሻቡ እቲ ከልቢ ኖዚበለ ከምዘታለለቶ ተረድአ። ስለዚ ብፍጥነት ናብቲ ዓዲ እናኈየየ እናኈየየ ከደ። ኣሕዋት ኖዚበለ ግና ገዘፍቲ ኣባትር ሒዞም ክጽበይዎ ጸንሑ። እቲ ከልቢ ተመሊሱ ሃደመ ካብታ ግዜ ንደሓር’ውን እንደገና ኣይተርኣየን።

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ኖዚበለን እተን ሰለስተ ጸጕርታትን

Tessa Welch
Wiehan de Jager
Daniel Berhane Habte

CC BY